# ተበግሶ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ንናጻ ኣውሮጳዊ ማሕበር

ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ዞባ ኣውረጳ፡ ንኣርባዕተ መዓልታት ዝወሰደ ዓሚቕ ምይይጥን ክትዓትን ድሕሪ ምክያድ፡ ብዕለት 24 ግንቦት 2011 መስራቲ ኮንፈረንስ ብዓወት ዛዚሙ፡፡ በዚ ከኣ ናጻ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ዞባ ኣውረጳ ተመስሪቱ ኣሎ፡፡

እዚ ኮንፈረንስ እዚ ኣብ ሸዱሽተ ሃገራት ኣውረጳ ዝነብራ ደቂ ኣንስትዮ ማለት ካብ ጀርመን፤ ዓዲ ጥልያን፤ ዓዲ እንግሊዝ፤ ሆላንድ፤ ነርወይ፤ ሸወደን፤ ደንማርክ፡ ዝተኻፈለኦ ኮይኑ፡ ነዚ ነጻ ማሕበር ዝመርሓ ሸውዓተ ኣባላት ምስ ክልተ ተጠባበቕቲ ብዲሞካራስያዊ ኣገባብ  ካብ ውሽጡ መሪጹ፡፡

ዕማማት ናይዛ ሸማግለ (መሪሕነት)ድማ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ንናይ ዞባ ኣውረጳ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ስርርዓትን ዳግመ ስርርዓትን ኣጻፊፉን ንድፊ መድብ ዕዮ ማሕበር ኣዳልያ ናብ ጉባኤ ንምእታው'ዩ፡፡

ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ዞባ ኣውረጳ፡ ካብ ጸጊዕነት ናይ ዝኾነ ፖሎቲካዊ ውድብ፤ ሰልፊ፤ ካልእ ሸነኻትን ነጻ ኮይኑ፡ ናይ ዝኾነ ይኹን ወገን ምትእትታውን ተጽዕኖን ዘየፍቅድ ናጻ ማሕበር እዩ፡፡

ኣብ መስራቲ ኮንፈረንስ ዝተመርጸት መሪሕነት ናጻ ማሕበር፡ ብዕለት ክልተ ወርሒ ሸዱሽተ 2.6.2011  ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼባኣ ብዓወት ኣሰላሲላ፡፡

ካብዚ ኣኼባ'ዚ ድማ፡ ኣደ መምበር፤ ምክትል ኣደ መምበር፤ ታሓዚት መዝገብ፤ ናይ ስርርዕ፤ ናይ ቁጠባ፤ ናይ ዜና፤ ናይ ባህሊ፡ መደባተን ፈሊጠን ክዓመኦ ዘለወን ስራሓትን ሓላፍነታትን ተኻፊለን ኣኼብአን ብዓወት ዛዚመን፡፡

ዕላማታት ናጻ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ዞባ ኣውረጳ፡ ሕጂ ውን ከምትማሊ ብኣድራጋ ዝዕመም ድርብ ቃልሲ ዘለዎ ኮይኑ፡ ብሓደ ሸነኽ ኣብ ጎኒ ተቓውሞ ሓይልታት ህዝቢ ኤርትራ ተሰሊፈን ነቲ ንህዝብና ንምጽናትን ሃገርና ንምብራስን ዝዓለመ፡ ጸረ ኩሉ'ቲ ህዝብና ዝተቓለሰሉ ዕላማታት ዝዓጠቐ ስርዓት ህግደፍ ንምምካት ኮይኑ፡ ካልኣይ  ድማ እዚ ማሕበር፡  ናይ ደቂ ኣስትዮ ማሕበር መጠን፡ ኣብ ናጻ ኤርትራ ዝትከል  ስርዓት ንመሰልን ማዕርነትን ውጽዕቲ ጓል ኣንስተቲ ዘውሕስን ረብሓታታ ዘዕቁብን ኣብ ፍትሒ ዝተሰረተ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል ዝቃለስ ክኸውን እዩ፡፡

ክፍሊ ዕዮ  ዜና  
ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ዞባ ኣውረጳ፡፡